# ጭንቂ!

መንግስቲ ህግደፍ ፃዕረ ሞት ሒዝዎ ኣሎ፡፡ ኩናትን ጎንፅን ብሕታዊ መናግስቲ ዝገበረ እዚ ሽፍታ መንግስቲ ምስመን ዘይተጓነፀ፡፡ ምስ የመን ኣብ ደሴታት ሓንሽ፡፡ ግና ስዕረት ተጐምጒሙ፡፡ ምስ መንግስቲ ሱዳን ዕሞት ዕኩር ዝብል ክፍኣታዊ ምንቅስቓስ፡፡ ኣብዚ'ውን ምኳን ኣበይዎ፡፡ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ባዕሉ ብዝፀሓራ ሓዊ ክንድታ ዝተጀሃራ ውርደትን ስዕረትን ተጐምጒሙ ወዘተ

እዚ ናይ ደላይ ኩናትን ፀብእን ባህሪ መንግስቲ ህግደፍ ሓደ ሓቂ ኣግሂዱ፡፡ ዕድመ መንግስቲ ህግደፍን ደቀ መዛሙርቱን ዕድመ ኩናት እዩም ቁጠባ ኤርትራ ቁልቁል ክድፋእ ገይሩ፡፡ ከይዲ ኤርትራ ድሕሪ ናይ 30 ዓመት መሪር ብረታዊ ተጋድሎ ናብ ከይዲ ህንፀት ኤርትራ ኣይኮነን ኣቕኒዑ፡፡ ኣብ ኩናትን ምጥንኻር ወታደራዊ ጭዋዳን እዩ ኣትኩሩ፡፡ እዚ ልቢ ህግደፍን ህግደፋዊያንን ዝነፈሐ ወታደራዊ ጭዋዳ ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ኣብ ዝፀሓርዎ ሓዊ ክለምስ፣ልክዖም ክፈልጡ ዝገበረ ውፅኢት ኣስዒቡ እዩ፡፡ ጫመኦም ማዕረ እግሮም ገይሮምኳ ይሓስቡ እንተዘይነበሩ እንተይፈተዉ እታ ልክዖም ጫማ ክገብርዋ ኣገዲድናዮም ኢና ንሕና ኢትዮጵያውያን፡፡

ድሕሪ እዚ እቲ ካብ እዋን ናብ እዋን እናንቆልቆለ ቅልውላው ብቕልውላው ዝኾነ ቁጠባ ሒዞም፣ ኣብ ልዕሊኡ እቲ ዘፍሰሱ ኣፍሲሶም ዝሃነፅዎ ዓንተር ዝበልዎ ሓይሊ ስራዊቶም ከምዘይለዓል ሕቑኡ ተጐስዩ ምስ ኣብቀዐ ናብ ካሊእ ግብረተ ክፍኣት ኣትዮም፡፡ ባህሪ እዮም ብሰፊሕ ወታደራዊ ወራር ክረኽብዎ ዘይከኣሉ ንኸባቢ ሃገራት ናይ ምጉባጥን ምህዋኽን ፃዕሪ ብፍላይ ንኢትዮጵያን ኢትዮጵያውያንን ብሕብሕቢኢተይ እኩይ ተግባራቶም ክፍዕሙ ሂርዲግ ኢሎም ይብሉ'ውን ኣለው፡፡ ኣብነት ምጥቃስ ከየድለየ ኣይቐርን፡፡ ኢትዮጵያ ንምህዋኽን ንምፍርራስን ፅቡቕ ኣጋጣሚ ኢሎም ኣብ ዝመረፅዎ ኩነታት መእተዊ በሪ ንኹነታት ሱማልያ ተጠቒሞም ሓይሊ ሰራዊቶም ኣእትዮም ማዕሮ ላዕለዎት ወታደራዊ መራሕቶም ኣዋፊሮም፣ ኣፅዋር ብሕቡእን ብነፈርትን ኣጓዒዞም ሰፊሕ ዓውደ ግንባር ውግእ ክኸፍቱ ሓሊሞም ጀሚሮም ነይሮም፡፡ ምስ ዓለም ለኸ ግብረ ሽበራዊያን ደሪጐምን ሽሪኾምን ሞት ንኢትዮጵያ! ኢሎም ወፊሮም ነይሮም፡፡

እዚ'ውን ኢትዮጵያውያንን ምስ ቅኑዓት ደለይቲ ሰላም ሶማሊያውያን ብምኳን ንወፍሪ ኣሸበርትን ህግደፋውያንን ከምዘይነበረ ናብ በረዱ ተለዊጡ፡፡ እዚ ጥራሕ ኣይኮነን፡፡ ዕሱባትን ሰለልትን መንግስቲ ህግደፍ ናብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ብምዝላቕ ተግባር ግብረ ሽበራ ክፍፅሙ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ተዋፊሮም ነይሮም፡፡ እዚ'ውን ማይንማይ ተሪፉ፡፡

መንግስቲ ህግደፍ ሕልሚ ህትፍታፉ፣ መናግስቱ ኲናትን ህውከትን ጥራሕ፡፡ እንተኾነ በግልፅን ብሕብሕቢተይን ዝፈተኖ ኩሉ ዓይነት ግበረ ክፍኣት ኣይቀነየን ጥራሕ ዘይኮነስ ናብ ከቢድ ውጥረትን ጭንቅን ክጥሕል ገይርዎ እዩ፡፡ ገና ድማ ባዕሉ ዝፈሓሳ ገመድ መሕነቒቱ ከም እትኸውን እቲ ሐዚ ኣብ ኤርትራ ዝነህ ኩነታት ቁጠባ፣ ፖለቲካን ዕቡቕ መርኣያ እዩ፡፡ እቲ ሓቂ እዚ እናሃለወ ሐዚ'ውን ግን ተሳዒሮም፣ ጭዋደኦም ለሚሱ ሱቕ ክብሉ ኣይከኣሉን፡፡ ዘይትሞት መልሓስ ህግደፍን ህግደፋውያንን በቢዝረኸበቶ ኣጋጣሚ ወፍሪ ፀለመ ውራይና ኢሎም ኣጠናኺሮም ምቕፃል ከም ጥበብ ምድኻም ንኢትዮጵያ ገይሮምዎ እኒህው፡፡

ኣብዚ ቅንያት ሓደ ምስሌነ መንግስቲ ህግደፍ ኣይተ ኣስገደ ሓጎስ ዝብልዋቶም ብጒተቶም ግበር ተባሂሎም ብኢንተርኔት ፅሑፍ ዘርጊሖም ሪአ፡፡ ትሕዝቶ ፅሑፍ ኣቮካቶ መንግስቲ ህግደፍ ኣይተ ኣስገደ ሓጎስ ክልተ ሰበኻ ይሰብኸ፡፡ እቲ ሓደ ኤርትራ ሞዴል ምዕባለን ለውጥን ምኳና ብምስማር ኢትዮጵያ ካብ ኤርትራ ክትመሃርን ተሞክሮ ክትቐስምን ከምዝግባእ፤ እቲ ካልኣይ ትሕዝቶ እቶም ኣቮካቶ ኢትዮጵያ ኣብ ፀገምን ምብትታንን ከምዘላ እዚ ድማ ብሰንኪ ኣብ ስልጣን ዘሎ ፖለቲካ ሓይሊ ህወሓትን መራሕቲ ህወሓትን ምኳኑ ጢሞይጣጢሞይ እናልዓለ ክፍትፍቱ ይደልዩ፡፡

እቶም ምሳሌነ መንግስቲ ህግደፍ ኣይተ ኣስገደ ብዝበልዎ መንገዲ ምኻድ መንገዲ ዓዘር-ቆዘር ኮይኑ ስለዝተሰመዐኒ በቢ መንገድና ምኻድ ዘዋፅእ ኮይኑ ተሰሚዑኒ ኣሎ፡፡

ንመንግስቲ ህግደፍን ከምኒ ኣይተ ኣስገደ ሓጎስ ዝበሉ ህግደፋውያንን ርእሲ ሕማም ኮይኑዎም ዘሎ ኢትዮጵያ እተመዝገቦ ዘላ ኩለመዳያዊ ምዕባል እዩ፡፡ ቁጠባ ኤርትራ መጋቢ ዘይዛሪ ተበግሶ ኲናት ህግደፋውያን ኮይኑ መነባብሮ ህዝቢ

ኤርትራ ካብ እዋን ናብ እዋን ኣብ ክንዲ ዘንሳእርር ናብ ዝኸፈአ ደልሃመት እናወደቐ ብምኻዱ ኣብዚ እዋን እዚ መግለፂ ናይቲ ውድቀት ብርክት ዝበላ ትካላት ኤርትራ እናተዓፀዋ፣ ህዝቢ ተስፋ እናቖረፀ ይኸይድ ኣሎ፡፡ ብግልባጡ ኢትዮጵያን ኢትዮጵያውያንን ኣብ ውሽጥን ምስጐረባብቲ ሃገራትን ኲናትን ምንጭታት ኲናትን ዘጥፍእ ፖሊሲታትን ስትራተጅታትን ተኸቲሎም ቐንዲ ጠመተኦም ኣብ ህንፀት ሃገር ገይሮም ኣለው፡፡ ነብስወከፍ ናይ ሰላም ደቒቓ ለውጢ ልምዓት እንመዝግበላ እያ ኢሎም ብምእማኖምን ብምርብራቦምን ቁጠባ ኢትዮጵያ ንተኸታተልቲ 4 ዓመታት ልዕሊ 10% ክዓቢ ጀሚሩ እኒሀ ሐዚ'ውን ን5ይ ግዘ (ንተኸታተልቲ ሓሙሽተ ዓመታት) ክንድግሞ ምስ ተፈጥሮ ገጢምና እኒሀና፡፡ እዚ ሓቂ እዚ ኢትዮጵያውያን ጥራሕ ዘረጋገፅናዮ ጉዳይ ኣይኮነን፡፡ ኩሉ ማሕበረ ሰብ ዓለምን ተንተንቲ ሰነ-ቁጠባ እውን ኣረጋግፆም ንዓለም ጋህዲ ዝገበርዎ እዩ፡፡

እዚ ሓቂ እዚ ንኢትዮጵያውያን ብሩህ ተስፋ ዘርኣየ መፃኢት ኢትዮጵያ ብቁጠባ ዝሓየለት ካብ ተመፀዋትነት ወፅያ ዓርሳ ክኢላ ዜጋታታ ኮሪያም ዝነብሩላ ሃገር ከምእትኸውን ዘመላኽተ እንትኸውን፣ ብቕንእን ሕስድን ጣዕ ዝበሉ ህግደፋውያን ግና ናብ ጭንቂን ፀበባን ዘእቲ እዩ፡፡ ውድቀት ቁጠባ ኤርትራ ውድቀት ኣመራርሓ ህግደፋውያን ብምኳኑ ዘይሩ ዘይሩ ማዕበል ህዝቢ ኤርትራ ተላዒሉ እታ ንዘንተ እለት ዝምነይዎ ምልካዊ ስርዓቶም ደኳዕኳዕ ዘብል ስለዝኾነ፡፡

ብኻሊእ መዳይ ንርእ፡፡ መንግስቲ ህግደፍን ህግደፋውያንን 16 ዓመታት ንኤርትራን ኤርትራውያንን ናብ ዘይተደለየ ባርዕ ኲናት እናእተዩ ካብ ምጥቕጣቕን ምህላኽን ወፃኢ ኤርትራ ብህዝባዊ ሕገ መንግስቲ እትመሓደር ሃገር ናይ ምግባር ሕልሚ ኣይሓለሙን ሕዚ'ውን ኣይሐልሙን ዘለው፡፡ እኳደኣስ ብገባራይ ሓደጋይነት ብምልካዊ ኣገዛዝኣ ህግደፍን ህግደፋውያንን ደም እትነብዕ ዘላ ሃገር'ያ፡፡ ብኣንፃሩ ኢትዮጵያን ኢትዮጵያውያንን ሃገር እተመሓደረሉ ሕገ መንግስቲ ብሰፊሕ ተሳትፎ ኩሎም ብሄር ብሄረሰባት ብዝፀደቐ ዲሞክራሲያዊ ሕገ መንግስቲ እትመሓደር ሃገር ኮይና ኣላ፡፡ እዚ'ውን ንህግደፍን ህግደፋውያንን ድቃስ ዝኸልኣን ከቢድ ጭንቂ ዘስዓበን ሰፊሕ ኣፈላላይ'ዩ፡፡

እዚ ጥራሕ ኣይኮነን፡፡ ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ኣብ ትሕቲ ፍፁም መላኺይ ስርዓት ህግደፍን ህግደፋውያንን ተመቂሓ ሰብኣዊን ዴሞክራሲያዊን መሰላት ዝተዓፈኑላ እስርቤት ዜጋታታ ኮይና ኣላ፡፡ ንህግደፋውያን ምድጋፍ እንተዘይኮይኑ ምቅዋም ዘይሕሰበሉ፤ መሰላት ምዝራብን መፅሓፍን ፍፁም ዝተኣገዱላ፣ ናይ እምነት ነፃነት ዕጭ ዝተብሃለላ፣ ነፃ ፕረስ ፍፁም ዘይሕሰበላ፣ ነፃ ምንቅስቓስ ዝተዓገተላ ሃገር ኮይና ኣላ ሃገረ ኤርትራ፡፡ ናይዚ መረጋገፂ ሓቂ ብምዝራቦም ዝተኣሰሩ ናይ ውሽጥን ወፃእን ሰራሕተኛታት ፕረስ፣ ዝተኣሰሩ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ዝተኣገዱ፣ ዝተኣሰሩን ዝተባረሩን ዓለም ለኸ ዘይመንግስታዊ ትካላት፣ ኣስጋእትን ተጠርጠርትን ንስርዓት ህግደፍ ተባሂሎም ደረቱ ንዘይፍለጥ ፍርዲ ኣብ ፀልማት ቤት ማእሰርቲ ህግደፋውያን ዝተመቑሑ ብርክት ዝበሉ ኣመራርሓን ሰበ ስልጣንን ህግደፍ ነበር ወ.ዘ.ተ ምጥቃስ እኹል ኣብነት እዩ፡፡

ካብዚ ብዝተፈለየ ኢትዮጵያን ኢትዮጵያውያንን ኩሎም ዓይነታት ሰብኣዊን ዴሞክራሲያዊን መሰላት ዝተኸበረላ ሃገር ኮይና ኣላ፡፡ ነፃነት ፕረስ፣ ናይ እምነት ነፃነት፣ ናይ ምድጋፍን ምቅዋምን መሰል፣ ናይ ምንቅስቓስ መሰላት ብቓልን ብሰናይ ፍቓድ ሰበ ስልጣንን ዘይኮነስ ብሕገ መንግስቲ ዝተረጋገፁ ሕገ መንግስታዊ መሰላት ኮይኖም ተቐሪዖም ብተግባር'ውን ኢትዮጵያውያን ኮሪዖም ዝነበሩሉ፣ ብዜግነቶም ዝሕበኑሉ ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ፡፡ እዚ'ውን ካልእ ጭንቅን ፀበባን ህግደፍን ህግደፋውያንን፡፡

መንግስቲ ህግደፍን ህግደፋውያንን ብኻልእ መንገዲ'ውን ክንገልፆም ንኽእል ኢና፡፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ብሻምቦቆ ብረት ሒዞም ድሕሪና ዳንዴር ኣይትውቀላ ብዝብል ብሂሎም ንህዝቢ ኤርትራ ንሕና ንፈልጠልካ ትምበል ኢሎምዎ ሓንቲ ግዘኳ ነፃን፣ ዴሞክራሲያዊ መረፃ ኣካይዶም ኣይፈልጡን ባህሪኦም ንሱ ስለዝኾነ፡፡ ብግልባጡ ኢትዮጵያን ኢትዮጵያውያንን ኣብዚ 16 ናይ ልምዓት፣ ዴሞክራሲን ሰላምን እዋኖም ብነፃ ወፃእተኛታት ተዓዘብቲ እንተይተረፈ ዝተመስከረሉ ሰለስተ ነፃን ዴሞክራሲያዊን መረፃ ብምክያድ እቲ ዝለዓለ ፖለቲካዊ ስልጣን ናይ ኩሎም ብሄር ብሄረሰባት ኢትዮጵያ ምኳኑ ብተግባር ዝተረጋገፀላ ሃገር ኮይና ኣላ፡፡ እዚ'ውን ካልእ ጭንቂ ህግደፍን ህግደፋዊያንን፡፡ እዞም ኩሎም ጭንቅታትን

ዓወዕወፃትን መንግስቲ ህግደፍን ህግደፋዊያንን እናበኣሶም ዝኸይድ እንበር እናፈኾሶም ዝኸይድ ኣይኮነን፡፡

ናይቲ ኣብ ኢትዮጵያን ኣብ ኤርትራን ዝኒህ ህልው ኩነታት፣ ንሱ ከዓ ኣብ ኢትዮጵያ ዘበረታትዕን ተስፋ ዝህብን ህንፀት ዴሞክራሲያዊ ስርዓትን ምዕባለ ቁጠባን፤ ኣብ ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ድማ ምልክነት፣ ዕንወት ኮታ መንገዲ ቁልቁል ከመይ ኢሉ መፀ፡፡?

ኣብዚ ግደ ፖለቲካዊ ኣመራርሓ፣ መልክዕ መንግስታዊ ምሕደራን ምልዓል ግድን ይኸውን፡፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ነጊሱ ዝኒህ ፀልማት ሂወት ብቐጥታ መልክዕ ኣመራርሓ ስርዓት ህግደፍ፣ ባህሪ መራሕቲ ህግደፍን ህግደፋዊያንን ቁልጭ ኣቢሉ ዘርኢ እዩ፡፡ ብተፃራሪ እቲ ኣብ ኢትዮጵያን ኣብ ኢትዮጵያውያንን ዝምዝገብ ዘሎ ቀፃሊ ቁጠባዊ ምዕባለ፣ ህንፀት ዴሞክራሲያዊ ስርዓት፣ ምንጋስ ሰላም ድማ ብቐጥታ መንነት፣ ባህሪን ብቕዓት ፖለቲካዊ ኣመራርሓን ኢህወዴግ ህወሓት ዘንፀባርቕ 'ዩ፡፡

እሞኸደኣ ብኸመይ መንግስቲ ህግደፍን ህግደፋውያንን ናይ ዓርሶም ሓበላ ሓቢኦም ንምንታይ ናብ ኢትዮጵያን ኢትዮጵያውያንን ኢሉ'ውን ናብ ኣመራርሓ ኢትዮጵያን ብፍላይ ናብ መራሕቲ ህወሓት የነፃዕሩ ኣለው? መልሱ ሐዚ'ውን ጭንቂ! ዝብል'ዩ፡፡ እቲ ጭንቂ ብኸልተ መንገዲ ይገልፁልና ኣለው፡፡ እቲ ሐደ መልክዕ ናይ ባዕሎም፣ ናይ ውሽጦም ዘሎ ቅልውላው ናይ ምሕባእ ጭንቂ፤ እቲ ካልእ መልክዕ ጭንቆም ድማ ዓለም ዝመስከረትሉ ለውጥን ምዕባለን ኢትዮጵያዊያን ኣሉቐጣን ብምባል ኢትዮጵያን ኢትዮጵያውያንን ኣብ ፀገም ከምዘለው ብግልባጡ ኤርትራ ዝሓሸት ከምዝኾነት ንህዝቢ ኤርትራ ናይ ምትዕሽሻውን ምሽፋጥን ጭንቂ፡፡

መንግስቲ ህግደፍን ከምኒ ኣስገደ ሓጎስ ዝበሉ ህግደፋውያንን ይፍተውዋ ይፅልእዋ ማዕረ እግሮም ጫማ ነርግፆም ኣለና፡፡ ገና ድማ ክነርግፆም፡፡ ኩናት መሪፆም ብዝመረፅዎ መንገዲ ኣተኣናጊድናዮም ተጅሃርትን ተስዓርትን ምኳኖም ንዓለም ኣርኢና፡፡ ተግባራት ግብረ ሽበራ መሪፆም ነዚ'ውን ሕቑኦም ሰቢርና ባንባ ኣትሪፍናዮም፡፡ እዚ ኣብ ዓውደ ግጥማት እዩ፡፡ ብመዳይ ቁጠባ'ውን ንሶም ስሉጥ

ጉዕዞ ንቑልቁል፤ ንሕና ብስሉጥ ጉዕዞ ንዓቐብ ንኸይድ ኣለና፡፡ እዚ ዘየቋጨጭም፣ እዚ ዘየጨነቕም ንህግደፋውያን እንታይ ከጨንቕም? ሕቶ ህልውና ይኾኖም ስለዘሎ እዩ፡፡

እቲ ሐዚ ኣብ ሓዳሽ ዴሞክራሲያዊት ኢትዮጵያ ተኣምረኛ ለውጢ ዘመዝግብ ዘሎ ፖለቲካዊ ኣመራርሓ ኢህወዴግ/ህወሓት ኣብዚ መድረኽ ልምዓት፣ ሰላምን ዴሞክራሲን ጥራሕ ኣይኮንኩምን እትፈልጥዎ፡፡ ህግደፋዊያን ወዮ ደኣ ታሪኽ ምቕባር፣ ንሓቂ ኣሉቀጣን ምባል ባህሪኹምን ተግባርኩምን ኮይኑ እምበር ኣብቲ እዋን ብረታዊ ቃልሲስ እንተኾነ ንስኻትኩም ኣካይዳ ኣባጉብየ እናኸድኩም ኣብ በረኻታት ሳሕል መሬት መሸይኩም፣ ልሳንኩም፣ ጐረረኹም ክትዕፀ ናይ መወዳእታ ዓራርቦ ፀሓይኩም ኣብ ዝኣኸለትላ ሰዓት ዝበልኩምዎዶ ኣይትዝኩሩን? “ወይን ጐማ እግራ ርድኢ“ ኢልኩም ዝተማሕፀንኩምላ ግዘ ከመይ ተረሰዐት? ሃለዋትኩም ብሳላ ወይንን ኣመራርሕኡን ንሕንጢጥ እንትተምልጥ እንተላ ኣብታ ቀጣንን ፀባብን ግዘ ከመይ ረሳዕኹምዎ፡፡? ነዚ ረሲዕኹም ብኸመይ ሎሚ ንኣመራርሓ ህወሓት/ኢህወዴግ ክተቆናፅቡ ኣንደበትኩም ደፊረ፡፡ ክንዲ ዘይሓፍራ ባዕለይ ክሓፍረለን ከምዝበሃል ኮይኑ፡፡ እቲ ታሪኽ ንሱ ዝሰርሐ፣ እቲ ዋሕስ ዝኾንኩም ብቕዓት ፖለቲካዊ ኣመራርሓ ህወሓት እዩኮ ሎሚ‘ውን ኣብዛ ኢትዮጵያና ልምዓት፣ ዴሞክራሲ፣ ሰላም ክነግስ ብቑዕ ኣመራርሓ ዝህብ ዘሎ፡፡ ነዚ ሓይሊ ኢትዮጵያ እዚ ብኸመይ ብኣንደበት ሽፍታ መንግስቲ፣ ምስ ፈጠርቲ ራዕዲ ማዕረ ተሰሪዑ ህውከት ብዝፈጥር መንግስቲ ህግደፍን ህግደፋዊያንን ከመይ ኢሉ ክቆናፀብ ይኽእል? ዝጨነቕ ዘይገብሮ የብሉን ኢለ ክርደኦ፡፡ ብርግፅ መንግስቲ ህግደፍን ህግደፋዊያንን ኩሉ ጉዕዞኹም ውድቀት፣ ስዕረት፣ ውርደት እዮሞ መዳርግትኹም ፍለጡ፡፡ ግና“ሕሱር ልክዕ ዓርሱ የሕስር“ ኮይኑ ብኡ ክርደእኩም እየ ንኸምኒ ቦኽሪ ውላድ ህግደፍ ኣይተ ኣስገደ ሓጎስ፡፡ ሐዚ‘ውን ንኢትዮጵያዊያንን መራሕቲ ኢትዮጵያን ብምፅላም እትሓፍስዎ ቅንጣበ ዓወት ኣይህልን፡፡ ብወታደራዊ ዕንደራታትኩም ዘይተዓወትኩም ብመናፍሕ ወረኹም እትዕወቱ ኣይመስለንን፡፡ ንሕና ኢትዮጵያዊያን ኣብ ኩሉ መዳይ ኣጅቦ ሰማይ ኣርኢናኩም ኣለና፡፡ ድሕሪ ሕዚ እትገብርዎን እትጣጥንዎን እውን እንተኾነ ከምቲ ሕሉፍ ኣጅቦ ሰማይ ክነርእየኩም እንኽእለሉ ትኽክለኛ መንገዲ ሒዝና ኣለና፡፡ ዘዝመዘዝኩምዎ ሰይፍን

ክፍኣትን ናብ ባዕልኩም ክግልበጥ ብምግባር ዝኾነት ትኹን መዓልቲ ሰላም መዓልቲ ልምዓትናን ዕብየት ቁጠባናን እያ ኢልና ምምራሽ ነዓና ቀንዲ ውራይ ናዓኻትኩም ቀንዲ ጭንቂ። እዚ ጉዕዞና እዚ ጭንቅኹም ኣጋዲዱ-ኣጋዲዱ ዒቕዒቕ ኣቢሉ ዓራርቦኹም ከምዘቀላጥፎ ኣፀቢቕና ንፈልጥ። ንስኹም'ውን ትፈልጡ። ምንጪ ጭንቅኹም ከዓ ንሱ እዩ ኣይንላቐቕን ድማ።

ኣብ መወዳእታ ንምስሌነ መንግስቲ ህግደፍ ኣይተ ኣስገደ ሓጎስ ብጣዕሚ የቐንየለይ ክብሎም እፎቲ። መእንተ ምንታይሲ ኣብ መንግስቲ ህግደፍን ህግደፋውያንን ዘሎ መጠንን መልክዕን ጭንቂ ብብርያምን ብተግባሮምን ግብረ መልሲ /Feed back/ ስለዝሃቡኒ። እንተ እታ ጭንቕኹምን ጭንቂ መንግስትኹምን ግን በዓዘርቆዘር ልፍለፉ ኣይትፍወስን፤ ካብ ጭንቂ ናብ ዕብዳን.... ካብ ዕብዳን ናብ.... ጠፊኡኩም ዶ! መወዳእታ ጭንቕኹምዋ። ምስቲ ደላይ ሰላም፣ልምዓት ዴሞክራሲ ናይ ታሪኽን ቃልስን መሓዛና ወገና ህዝቢ ኤርትራ ኣየሳእነና ከምቲ ሕልምኹምን ተግባርኩምን ምስ ህዝቢ ኤርትራ ኣይንፈላለን። እንተ ምስ ህግደፍን ህግደፋውያንን ግና መንገድና'ውን ኣይጋነይዋ ኣየጋንየና!

**ቢሮ ሓበሬታ ክልል ትግራይ, (08/08/07)**